# ሓጸርቲ ዜናታት

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**24.09.2005**

### 1. ኣብ ክሊ ማያት ጣልያን ዝጠሓለት ጃልባ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ክሊ ማያት ጣልያን ዝጠሓለት 11 ዜጋታት ኣፍሪቃ ዝነበርዋ መርከብ ናይ ሰለስተ ኤርትራውያን ሬሳ ከም እተረኽበ እሙናት ምንጪታት ኣረጋጊጾም። ክልተ ካብኣቶም ኣማኒኤል ተስፋይን ሰለሙን ተዓረን ዝብሃሉ ኽኾኑ ከለው፥ ናይ ሳልሳይ ስም ግን ጌና ኣይተፈልጠን። ናይ ቀብሪ ስነስርዓት ኣብ ሃገር ጣልያን ከም እተፈጸመ ድማ ዝጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ብሱዳን ኣቢሎም ንኣጻምእ ምድረ በዳታት ኣቋሪጾም ናብ ሊብያ፡ ካብኡ ድማ፡ ብንኣሽቱ ጀላቡ ናብ ኣውሮጳ ይሰግሩ ምህላዎም ይፍለጥ። ኣብዚ ጉዕዞዚ ብጽምእን ዝሞቱን ኣብ ማእከላይ ውቅያኖስ ዝጥሕሉን ቊጽሮም እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ። እዚ፡ ኣብ ልዕሊቲ ኣብ ጉዕዝኦም ዘጋጥሞም ክትራንን ካልእ ዓይነት ዓመጽን ኢዩ።

### 2. ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ናብ ወተሃደራት ዓቃቢ ሰላም ይሸየጣ ኣለዋ

ኣብዚ እዋንዚ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ካብቲ ዘጋጥመን ዘሎ ዓጸባ ንምምላጥ ንወተሃደራት ዓቃቢ ሰላም ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክምርዓዋ ይርኣያ ኣለዋ። ስርዓት ኢሳያስ እዚ ተርእዮዚ እናሰፍሐ ይኸይድ ምህላዉ ስለእተገንዘበ፡ ከም ልማዱ ንዘጋጥሞ ዘሎ ቊጣባዊ ሕጽረታት ንምፍታሕ ነቶም ኤርትራውያን ዝምርዓዉ ወተሃደራት ዓቃቢ ሰላም 50,000 ናቕፋ የኽፍሎም ኣሎ።

እዚ ገንዘብዚ ምናልባት እንተተፈትሓ ናብ ሃገረን ምስ ተመልሳ ዝጥቀማሉ ትሕኛ ኢዩ ብዝብል ምስምስ እኳ እንተተወስደ፡ ብተግባር ግን፡ ንተፈቲሐን እተመልሳ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ይውሃብ ከምዘየለ፡ ካብ ነዚ ጸገምዚ ዘጋጠመን እሙናት ምንጪታት ተፈሊጡ ኣሎ።